# መምህር ተስፉን ሕማማቱን

ሚልክያስ ምሕረትኣብ ዮውሃንስ

መቸስ ታሪኽን ጉድን ሃገርና ገና ብዙሕ ዘይተባህለን ዘይተጻሕፈን'ምበር ኣዝዩ ዘገርም መስተንክርን ክትኣምኖ ይትረፍ ክትሓስቦውን ዘጸገም ፍጻመታት ዝተመልአዩ። መመሊሱ ዝሕደሰካን ጋን ዝብለካን ታሪኽ ኤርትራውያን ምስትርኢ ብሱሩኽ እዚ ተኣምራትን ጽንዓትን በቲ ሓደ፤ጥልመትን ጭካነን ፤ ጅግንነትን መስተንክራዊ ጽንዓት ድማ በቲ ኻልእ እንዳተበራረዩ ንኽንደይ ዘረብረበን ነዚ ሓድሽ ወለዶ ከይተረፈውን ዘርከበሉን፡ ጉዳም ታሪኽ ኤርትራ፤ በየናይ ጀሚርካ በየናይ ከምትትዛዝሞን ከምተዒልቦንዩ ዝድንጽወካ። ኣብዚ ግና ብፍላይ ካብ ኣፍ ካብቲ ኣብኡ ዝዋዓሉ ሰብ ታሪኽን ሰብ ሞያን፡ ተዓዚብቲ ማእለያ ንዘይብሎም ፍጻመታት ዝኾኑ ሰባት፡ ነቲ ኹነታትን ታሪኽን ሃገርናን ብፍላይ ነቲ ገዚፍ ኣካል ናይ ታሪኽና ንዝኾነ ብረታዊ ገድልን ኩነታቱን ብዝምልከት ምስምዑ በቐሊል ዘይርከብ ጸጋዩ። ቅድሚ ሕጂውን ትንክፍ ኣቢለዮ ነይረ፡ ንኹነታትን ጉድን ካልእን ተረኺቦታት ሃገርና ዝፈልጥ ሰብ ተሳኢኑ ወይ እቲ ታሪኽ ቅድሚ ክልተ ሚእቲ ዓመት ዝተፈጸመሞ ተረፍ ሰብ ተሳኢኑውን ኣይኮነን። ንታሪኽን ተዘክሮን ሃገርና እርይ ቑጽር ኣቢሎም ብደቂቕ ከይተረፈ ዝፈልጡ ኤርትራውያን ብጀካ ኣብ ወርሒ፡ ኣብ ኹሉ ኩርናዓት ዓለም ኣለው። እቲ ቑምነገርን ንህዝቢ ዘገድሶን፡ ክቡርኙ ሓላፍነታዊን ከም መብጽዓ ስውኣትውን ክውሰድ ዝግብኦ ግና ብድፍረት ንህዝብን መንእሰይ ወለዶን፡ ጠጠው ኢልካ ምስትምህርን ትሕብርንዩ። እምበር ምስክር ናይ ክንደይ መስተንክርን ግፍዕን እንዳሃለኻ ከም ድሙ ተጠቕሊልካ ትውዒል ትድቅስ እንተዳኣኾይንካ፡ገዚፍ ጥልመት ኣብ ልዒል ግዳያት ናይዚ ኣረሚን ስርዓት ኣስመራን ህዝቢን ከምዝኾነ ክሕበረኩም ይደሊ፡ ብፍላይ ነቶም ከም'ድሙ' ዘስቀጥኩም!!

ሓደ ካብ ሰብ ቅያን ሰብ ዝናን ሓርበኛታት ኤርትራ ዝኾኑን ንህዝቢ ከፍልጥ ኣለኒ ኢሎም ዝንቀሳቐሱ ዘለው ምስክር ኣእላፍ ፍጻመታት ኤርትራ ዝኾኑ ተጋዳላይ ክቡር ኣያናን ኣቦናን መምህር ተስፉ ዘውደ ኮይኖም፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት 6 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ሰፊሕ ታሪኽ ሃገርናን ገድሊ ኤርትራውያንን ምስኡ ዝተተሓሓዙ ጉዳያትን ብዝምልከት ዘደንቕ ኣስተምህሮ ክህቡና ምሳና ኣምሲዮም። ኣብዚ በቲ *ዓለም ለኻዊ ምንቅስቓሳት ኤርትራ* ዝተባህለ ማሕበር ኤርትራውያን መንእሰያት ዝተወደበ ኣኼባ፤ ኣባላት ዝተፈላለያ ውድባት፤ ኣቡኡ ዝዋዓሉ ሰብ ታሪኽን፡ ከምኡዉን እቶም ምስጢርን ጉድን ሃገሮም ጌና ዘይተፈትሓሎም መንእሰያት ኣብ ዝተሳተፉሉ ምሸት፥ ሓርበኛ ኣቦና መምህር ተስፉ ኣዝዮም ኣገደስቲ ፍጻመታትን፡ካብ ሰነዳት ታሪኽ ኤርትራን ገድልን ብዝርዝር ክሕብሩናን፤ ንመብዝሓትናውን ክምህሩናን ከፍልጡናንዮም ኣምስዮም።

ኣብ 1945 ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝተወለዱ መምህር ተስፉ ሓደ ካብ ገዳያም ተጋደልቲ ኣብ ከባቢ 1966 ንሜዳ ዝተሰለፉ ኮይኖም፡ሓደ ካብ ህልቂት ጉጅለ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ተጋደልቲን ዘምለጡ፥ ዕደለኛ ምስክር ታሪኽዮም። ብዛዓባ ፈኺም እንዳበለ ዝሸደን ዝማዕበለን ተጋድሎ ኤርትራውያን ብሰፊሕ ዝተንተኑ መምህር ተስፉ ዘውደ፡ ኻብ ፈለማ ብኸመይ ኣገባብ ቃልሲ ይካየድ ከም ዝነበረ፤ ኣቃውማን ኣሰላልፋን ዝተፈላለያ ክፍልታት፤ ኣመሰራርታን ዕላማን ምምስራት፡ 5ይ ኽፍሊን ኣባላታን ኩነታትን ኣወዳዳባን ዓይነት መሪሕነትን ነቲ <u>ቕያድ ኣል ዓማ</u> ብዝብል ሽም ዝፍለጥ ዝላዓለ ኣካል ወይ ባይቶ መሪሕነት ብዝምልከትን ነቲ ከም ንፋስ ዝሸንበብ ዝነበረ ኣጸያፌ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ቀቢላውን ምጉጅጃልን ቕንጸላታትን ብዝምልከትን ኣስማትን መንነትን ገዳይም ፈለምቲ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ብዝምልከትውን፡ ሰፊሕ ትንታኔ ኣቕሪቦም። ብዛዒባ ኣብቲ እዋንቲ ንዝነበረ ኣዝዩ ጽንኩርን ዝተሓላለኸ ኩነታትን፡ ከምኡውን መንግስቲ እትዮጵያን ካሎኦት ሓይልታትውን ነዚ ክምዝምዛን ነቲ ገድሊ ብዒሽሉ ከጥፍኣ ክንደይ ውዲት ይግበር ከምዝነበረን መን እንታይ ከምዝገበረን ኣስማትን ማዓልትን ከይተረፈ እንዳጠቐሱ ዝርዝር ሓበሬታ ዝሃቡና መምህር ተስፉ ብዛዓባ ብኸመይ ኢሳያስ ንቓይና ክሽይድ ከምዝኻኣለውን ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ሰብ ዘይፈልጦ ታሪኽ ነጊሮምናዮም። ኣብቲ እዋን ኣብ 1967/68 ተጋዳላይ፤ ነቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ገዲፉ ንሜዳ ዝወረደ ተጋዳላይ ሙሴ ተስፉሚካኤል ብሙሉእ ድምጺ ከምዝመረጸ ዝሓበሩ መምህር፡ ኣብዚ ግና ንኢሳያስ ንቓይና ከምዝሸይድ ዝገበሮ፡ እዚ ሕጂ ጊዜ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ህግደፍ ዝርከብ ሃይለ ወልደንስአ(ድሩዕ) ከምዝኾነን ወይ ዝነበረን ፡ እቲ ሸርሒን ተንኮላትን መራሒ ህግደፍ ካብ ፈለማ ከመይ ከምዝነበረውን ዝበሉና ኣሎ። ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝርከቦም

ተጋደልቲ ኣብ ኮምኒስት (ዴሳዊት) ቻይና ንሓደ ዓመት ኣቢሉ ፖለቲካውን ወተሃድራውን ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳሞም ብደማስቆ ሶርያ' ኣቢሎም ንስዑድያ ካቡኡውን ንሜዳ ክኸዱ እንከለው፡ ኣብ ደማስቕ ምስ ዓረፉ፡ ነቲ ቐይሕ መጻሓፍ( RED BOOK) ዝብል ብኣቦ መንበር ሰልፊ ዴስነትን መራሒ ኮምኒስት ቻይናን ብዝነበረ ማኦ ጸ ቱንግ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ብዝምልከት ንሜዳ ሒዞሞ ክኸዱ ከምዝይክእሉ ከመይሲ ብሱዑድያ  ገይሮም ስለዝኸዱ፡ መንግስቲ ንግስነት ሱዑድያውን ንኸምዚ ዝዓይነቱ መጽሓፍቲ ስለዘየፍቅድ ኣብ ማዓርፎ ነፈርቲ ክትህገሩ ስልዝኽእል ነዘን ጽሑፋት ደርብይወን ምስተባህለ ንክፉእ ተግባራትን ሽርሕን ድሕር ዘይብል ''ወዲ ኣፎም ብሪ" ሽዑ ንሽዑ ንኤምባሲ ቻይና ብምኻድ" ነዚኦም ከይትሕግዝዎም ኣንጻር ኮምኒስትዮም'' ብምባል ፈላሚ ናይ ውዲት ተግባራቱ ገና ኣብ ሜዳውን ከይኣተወ እንከሎ ከምዝጀምሮ፡ መምህር ተስፉ ኣዘንትዮሞልና።

ኣብ ውልቃዊ ህይውቶም ብዝምልከት መምህር ተስፉ ኣብ ከባቢ 1970/71 ንሃገረ ዴንማርክ ከይዶም ትምህርቶም ተኸታቲሎም ከምተመረቑን ኣብ ሙዚክ ጀርመንውን ብምኻድ ዲፕሎማ ከምዝረኸቡን ዳሓርውን ብፖርትሱዳን ኣቢሎም ንሜዳ ከም ዝወረዱን ነቲ ዘስካሕክሕ ክብሉ ዝገለጽዎ ውግእን ህልቂትን ገረገር ሱዳን ናይ ቐረባ ናይ ዓይኒ ምስክር ከም ዝነበሩ እቲ ኩነታት ካበይ ናበይ ይሰጋገር ከም ዝነበረ ብስርዓት ገሊጾምልና። ኣብ ሜዳ ንዝነበረ ገዘፍትን ደቀቕትን ፍልልያት፡ ካብ ጉዳይ ሃይማኖት ክሳብ ኩነታት መነባብሮን ካልእን ብዝምልከት ድሕሪ ምዝራቦም ብፍላይ ንመብዛሕትኡ ሰማዓይ ብሃንቀውታ ንዝተጸበዮ ኩነታት ምንቅስቃስ ' መንካዕ'' ኻብ ኣበጋግስኡ  ክሳብ ዘሕዝን ፍጻመን ህልቂትን ተጋደልቲ ኤርትራውያን ምሁራት ብዝምልከት ነዊሕ ታሪኽን ኣስተምህሮንዮም ዝሃቡና፡ ሓደ ካብ ጀጋኑ ሃገርና ዝኾኑ መምህርናን ኣያናን መምህር ተስፉ ዘውደ። እሶም ይብሉ፤ መብዛሕትኦም መንካዓት ተባሂሎም ዝተቐንጸሉ ኣስታት ዓሰርተ ሓደ ዝኾኑ ሰባት ነተን ክልተ ደቅንስትዮ ወሲኽካ ኣዝዮም ምሁራት ጥራይ ዘይኮነ ከም ሰብውን በላሕትን ህርኩታት ፈተውቲ ዓዶምን ህዝቦምን ዝነበሩ መንእሰያት ተጋደልቲዮም ነይሮም። ብሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ሰውራ ክንምራሕ ኣለና፤ ግቡእ ፖለቲካውን ሰውራውን ሕንጻጻትን ሕግጋትን ክህልወና ኣለዎ፡ ንመሪሪን ጠለብን ተጋዳላይ ዝምርምርን ዝኣልን ሕግን ስርዓትን ክህልወና ኣለዎ፤ ካብ ሕጂ ናይ ፖለቲካዊ ሕንጻጻት ብዝምልከት ምርጫ እንተዘይጌርና ዳሓር ሳዐቤናቱን ስንብራቱን ኣብ ቃልስን ሃገርን ቀሊል ኣይክኸውንንዩ....... ይብሉ ከምዝነበሩን፡ መብዛሕትኡ ተጋዳላይውን ነዚ ፍትሓዊ ጠለብ ይድግፎ ከም ዝነበረ ተሓቢሩ። ዳሓርውን ገለ 700 ዝኸውን ጌጋታትን ኣበራትን ተጸብጺቡ ይቐርብ፤ ተጋዳላይ ሰለሙን ወልደማርያም ነቲ ኹነታት ክመሚ ናይ ዝቐመት ግዝያዊ ሽማግለ 65 ሰባት ዝኣባላታ ክመርሕ ይምረጽ።

ኩነታት ከምዚ እንዳሃለወ ግና፡ ኣብቲ ተጋዳላይ'' እዚኣቶም ሓደገኛታትዮም ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጹ ኣዝዮም ሓደገኛታት ስለዝኾኑ ኣይትእመንዎም'' ዝብል ወረ ክናፈስ ከምዝጀመረን ካብቶም ዝላዓሉ መራሕቲ ህዝባዊ ሓይልታት መስፍን ሓጎስን ኣስመሮም ገረዝግሄርን ምስ ኢሳያስን ምስቲ ንሱ ዝመስረቶን ዝመርሖውን፡ ምንቅስቃስ ሰልፊ ናጽነት ከምዝወገኑ ድሕሪ ምሕባር እቲ ዝነበረ ወታሃደራዊ ኩነታት ነቲ ፖለቲካዊ ምዕባለ እንዳዓብለሎ ወይ እንዳቐደሞ ስለዝኸደን እቲ ኣብ ቅድመ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይውን ብዙሕ ሓበሬታ ስለዘይብሉን( ክህልዎውን ስለዘይተደለየ)፡ ኣብ ውግእን ቀጻሊ ምርብራብውን ስለዝተኣትወ ምንቅስቃስ መንካዕ ቀስ ብቐስ እንዳቐሃመ ከም ዝኸደን ኣብ 8/10/1974 ዳርጋ ኩሎም ጠለብቲ ለውጥን ፍትሕን ዝነበሩ ተጋደልቲ በብሓደ ከምዝተቐየዱን ድሕሪ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኣተሓሕዛን ኣረሚናዊ ተግባራትን፡  ብ11/8/ 1975 ናይ ምቕታል ስጉምቲ ከምተወሰድሎም ሕንቕንቕ እንዳበሉዮም ገሊጾምልና። ኻብቲ ንብዙሓት ዘገረመ ግና እዞም ሰባት እዚኣቶም ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝተቐትሉ ክሳብ ሎሚ ብጉብእ ከምዘይፍለጥን፡ ክቕተሉ መሪሕዎም ናብ  ሞት ዝመርሖም ዝነበረ ሓደ ይሳቕ ጸጋይ ዝባሃል ሰብ ኣብ ሃገረ ጀርመን ምሳይ ኣሎ ክብሉ መምህረይ ምስክርነቶም ሂቦም። ብፍላይ እዚ ይሳቕ ጸጋይ ዝባሃል ሰብ ብዙሕ ዝፈልጦ ነገራት እንዳሃለወ ክሳብ ሕጂ ምስቃጡ፡ ጽባሕ ንግሆ ገዲፍካያ ንትኸይድ ዓለም ክሳብ ክንድዚ ፍርህን ምሕባእን ንመምህር ተስፉ ሓዊስካ ንኩላህና ክርዳኣና ዘይካኣለ ሓደ ፈውሲ ዘይተረኽበሉ ካብ ሕማም ኤርትራውያን ሓደ እዩ እንተበልኩ ብዙሕ ካብ ሓቂ ዝራሕቅኩ ኣይመስለንን። ኮይኑ ግና እዞም ደኺሙኒ ይኣኽለኒ ዘይብሉ ለባም ኣቦና መምህር ተስፉ፥ ነዚ ነቶም ተጋደልቲ ጠለብቲ ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ንዝነበሩ ኮብኪቡ ንሞት ዝወሰዶም ይሳቕ ጸጋይ ወሲኽካ ንኻልኦትውን ሓቲቶም ኣብ ቐረባ እዋን ንህዝቢ ክዝርግሑ ከምዝኾነ፡ ክሕብር ይደሊ።

ኻልእ ኻብቲ ሰፊሕን ዘይጽገብን ታሪኽን ተዘክሮታት ገድሊ መምህር ተስፉ፤ ስለቲ ካብ 1975/76 ዝጸቐጸለ 'የሚን" ዝብል ሽም ብኢሳያስን ኣምለኽቱን ዝተጠመቐ ምንቅስቃስ ለውጥን ናይ ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ጠለብን ብኸመይ ከብዝተበገሰ፤ዝበሰለን ኣብ መወዳእታ ድማ ብኸመይ ዝኣመሰለ ጨካን ኣገባብ ከምዝተጨፍለቐን፤ክንደይ ምዑታት ተጋደልቲ ደቂ ህዝቢ ብውዲት ኢሳያስን ሰዓብቱን ከም ጤል እንዳተሓርዱ ከምዝጸነቱን ክንደይ ክእመን ዘይክእል ተግባራት ጭካነን ተግባራት ጽንዓትን ብዝምልከት በብሓደ ኣውጊዖማና። ከም ብጻይ ጎይቶኦም(ጎይቶም በርሀ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ናይ ፖለቲካውን ቑጠባውን ትምህርቲ ሊቕ ፥ኣብ ከባቢ ዓድ ቐይሕ ተወሊዱ ኣብኡ ዝዓበየ) ዝኣመሰሉ ይትረፍ ኣብቲ እዋን ኣብዚ ሕጂ እዋንኩዋ ከተፍርዮም ዘይካኣል ክንደይ በላሕቲ ኤርትራውያንዮም ተበሊዖም ተሪፎም? መዓስ ከ እያ እዛ ሃገር ደም ደቃ ሰትያ ሰትያ ትጽግብ? ምስትብል መልስውን ስለዘይትረኽበሉ፤ ናይ ብሓቂ ንመብዛሕትና ርእስና ከም ነድንን ዝገብረና ዘሎ ዘሕዝንን ልብኻ ዘምክኽን ተረኽቦዩ። መንዩ ብጻይ'(who is a comrade?)' ዝብል መጻሓፍ ናብ ትግርኛ ቶርጊሙ ንተጋዳላይ ዝዘርግሐ፤ምስ ዶክተር ተወልደ ኢዮብ ኮይኑ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ(ተ.ሓ . ኤ) ዘባእስ የብልናን ኩላህና ንናጽነት ክሳብ ዝተሰለፍና ዝብል ኣዝዩ ጽፉፍ፤ ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ረብሓን ውልቃዊ ህርፋንን ናጻ ዝነበረ ሓያል ካድርን መምህርን ከምዝነበረን ብቐረባ ከምዝፈልጥዎውን፡ ንብጻይ ጎይቶኦም ብዝምልከት ኣረዲኦምና። እቲ ፍጻመታት ይትረፍ ብብጾትካ ብጸላኢውን ክፍጸም ዘይትጽበዮ ኣነዋሪ ተግባራት ንኹልና ዘሕዝነዩ ነይሩ፤ከም መምህር ተስፉ ዝኣመሰለ፡ ሕድርን መብጽዓን ዘይጠለመ ሰብ ምርካብና ግና ርእስና ሓፍ ኣቢልና ንመጻኢ እንታይ ኽግበር ከምዘለዎ ዝምህረናን ዝእምተልናን ዓቢ ቑምነገርን ትምህርትን ወሲድና ጥራይ ዘይኮነ፤ለካስ ዛ'ሃገር ሰብ ኣለዋ ተስፋባ ኣሎዩ፡ ከምንብልዮም ገይሮምና ኣምስዮም። መብርህን ተዝክሮታቶምን ዝቐጸሉ መምህር፥ ብዝተፈላለየ ገበን ንዝጥቅዋምን ዝጸልኦምን ሙሁራት ጥራይ ዘይኮነ ንህዝብን ሃገርን ክንደይ ከበርክቱ ዝኽእሉ ንዝነበሩ ተጋደልቲ ንምድሃልን መንፈሶምን ሕልንኦም ንምድኻም ተሃድሶ ብዝብል ፈሊጥ፤ ኣብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታትን ክፍልታትን ከምዝምደቡን ከምዝለምሱን ይግበር ከምዝነበረ እሶም ንገዛእ ርእሶም" ገጢመ ኣይፈልጥ ደሪፈ ምስ ባዓል ፊሕራን ተፈኖን ከምዝምደብን ዳሓርን ኣብ ማርቻፐደ ዝዓበኹ ሕርሻ ኣይፈልጥ ማሕረስ፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻ ተመዲበ ከምዝድንዝዝ ተገይሩ ብምባል ኣስሒቖምና። ርግጽ ኻብቲ ማዓንጣኻ ዘሕርርን ከብድኻ ዝቐርጽ መሪር ታሪኽና ብዙሕ ዘስሕቕውን እንተዘይሃለወ ፥ ንገለ ገለ ፍጻመታት ከም ዋዛ ገይሮምውን የቕርብዎ ብምንባሮም፡ ተሳታፋይ ሓንቲ ከይተፈለጠዩ ኣኼባ ዝተዛዘመ። ካልእ ሓደ ካብቶም ዝላዓሉ ኣባላት መሪሕነት ዝነበረን ብስልጣን ምስ ኢሳያስ ሓደ ዝነበረ ብወታሃደራዊ ክእለቱ ኣዝዩ ብርቱኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣትን ግጥማትን ክንደይ ዘየድሊ ክሳራታት የጋጥም ከምዝነበረ ከም ኣብነት ነቲ ናይ1977 ውግእ ወደብ ባጽእ ብምዝኽኻር ገምጋምን ግሉጽነትን ይግበር ስለዘይነበረ፡ክንደይ ዘይድሊ ክሳራታት ካብ ህዝብን ተጋደልትን ዝተኸወለ የጋጥም ከምዝነበረ፤ብፍላይ ኣብ ውግእ 1977ን ምዝላቕን ብዝምልከት ስፍሕን እሙቕን መብርሂ ሂቦም። በብእዋኑ ዘጋጥሙ ንዝነበሩ ተቓውሞታት፡ብኸመይ ይምለስ ከምዝነበረን ግዳያት ናይዚ ተቓውሞ ናይ ዝኾኑ ደቂ ሃገር ብዝምልከትውን ብዙሕዮም ኣእሊሎምና፡ ክቡር ኣቦና መምህር ተስፉ ዘውደ።

## መምህር ተስፉን ሕማማቱን

እዚ ዝተጠቕሰ ብሂልን ጥቀናን ኣብ ልዕሊ መምህር ተስፉ፡ካድራትን ፈላስፋታትን ህ.ግንባር ንመብዛሕትኡ ሓድሽ ተጋዳላይ ናይ ፖለቲካ ትምህርቲ ክምህርዎ እንከለው ዝጠቕስዎን ንመምህርውን ከም መድሓርሓርን፡ ኣንጻር ሰውራ ከም ዝኾኑ ጌሮም ብምቅራብ መጽሓፍ ከይተረፈ ተጻሒፉ ከምዝተዘርግሐን ክንደይ ጸለመታት ኣብ ልዕሊኦም ብቐጻሊ ይግበር ከምዝንበረዮም ዝጠቐሱ መምህር። ጸሓፋይውን ኣብቲ ኣኼባ ተሳተፍቲ ካብ ዝነበሩን ኣብ ደገውን ዘዘራረቦም ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ዝኾኑ ሰባት፡ በዚ" መምህር ተስፉን ሕማማቱን" ዝብል ናይ ጸለመ መደናገሪ ትምህርቲ ይስልጥኑ ከምዝነበረን፡መራሕቲ ህግደፍ ክሳብ ክንደይ ንመምህር ተስፉን ከምኦም ንዝመሰሉ ገስገስቲ ሰውራዊ፥ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ይፈርሁ ከም ዝነበረዩ እዚ ኹሉ ጠቐነን ናይ ሓሶት ትምህርትን ዝሕብረና። ንሓደ ውልቀሰብ ከም ኣዝዩ ሓደገኛ ጌርካ ብምቕራብ መጽሓፍቲ ክይተረፈ ጽሒፍካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድራት ከም ሓደ ኣእርስቲ ምምሃር ማለት፡ ንብቕዓትን መንነትን ቅያን ኣቦና መምህር ተስፉ ዘውደ ዝሕብር፤ ሓደ ብዙሕ ዘይርኤ ንጽንዓት ሓደ ሰብን መኸተ ሓደ ውልቀ ሰብ ኣብ ልዕሊ ገዚፍ ውድብ ዝተራእየሉ ጉዳይ ከምዝኾነ፤ጸሓፋይ ካብ ብዙሓት ኣብኡ ዝዋዓሉውን ዝረኸቦ ሓበሬታ ኣሎ። ሓደ ኣብ ከተማታት ኣመሪካ ዑደት ኣብ ዝገብሩሉ ዝነበረ እዋን፤ ዝረኸቦም ተጋዳላይ..." ንስኻ ደኣ ኣለኻ ዲኻ ኣይ ሞይቱ ኢሎም እንድዮም ዝምህሩና ዝነበሩ" ብምባል ሓቑፉ

ከምዝሳዓሞም መምህር ሓደ ካብ ተዘክሮታቶም ዑደት ኣብ ኣሜርካ ከም ዝኾነዮም ዝነገሩና። ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ዝተፈላለዩ ሕቶታት፤ሪኢቶን ለበዋን ኣቕሪቦም። ካብ ጀብሃን ህግሓኤን መን ትሓይሽ መነንከ ትበልጽ ንዝብል፤ብመዳይ መሰልን ዲሞክራስን ጀብሃ፤ብመዳይ ዲስፕሊን ድማ ህዝባዊ ግንባር ብልጫ ከም ዝነበረን ሓቢሮም። ብዛእባ ሰልፍታትን ውድባትን ብዝምልከትውን ሰብ  ናብ ዘዝደለዮ ሰልፊን ውድብ ክጽንበር መሰሉ ከምዝኾነን፤ቅድም ቀዳድም ግና ነብሱ ሓራ ክግበር ከምዘለዎ፡ንነብሱ ብግቡእ ዘይወነነ ሰብ ኣብ ውድብ ኣብ ውድብውን ኣትዩ ዝገብሮ ከምዘየለን ቅድም ቀዳድም ሓደ ሰብ ነብሱ ክውንንን ሓራ ክገብርን ከምዘለዎ ዝመስሎም ርኢቶ ሂቦሙሉ። ብሓፈሻ እቲ፡ከባቢ 5 ሰዓት ዝወሰደ ርክብን ኣስተምህሮ ታሪኽን ክቡር ኣቦና መምህርተስፉ ዘውደ ኣዝዩ ጠቓሚ፡መሃርን መለበምን ጥራይ ዘይኮነ፡ መብዛሕትኡ ተሳታፋይ ብፍላይ ተረከብቲ ሃገርን ሕድርን ዝኾኑ መንእሰያት ተስፉ ዝረኽቡሉ፤ትምህርትን ያታን ታሪኽን ቅያን ኣያታቶም ዝተማህሩሉን ዝፈለጡሉን፡ ሓደ ጸሓፋይ ቕድሚ ሕጂ ካብ ዝተሳተፈሎም ኣኼባታት ብትሕዝቶ ይኹን ብዓይነቱ ኣዝዩ ዝበለጸዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ክቡር መምህር፥ ተጋዳላይን ሓርበኛ ኣያን መምህርን ተስፉ ዘውደ፤ ሓፋሽ ህዝብን ተጋዳላይን ዝፈልጠኩም ብመምህር ተስፉን ሕማማቱን ዘይኮነ፤ ብመምህር ተስፉን ጅግንነቱንዮሞ ሃየ ኣጆኹም በርትዑ፤ታሪኻዊ ስራሕኩም ቐጽልዎ ክብለኩምን ከመስግነኩምን ኣፍቅዱለይ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ትነብሩ ኤርትራውያን ድማ ንኽም መምህር ተስፉ ዝኣመሰለ ቅርሲ ሃገር ኣብ ዝመጸሉ ግዜ፤ከምቲ ኩሉ ግዜ ትገብርዎ ግቡእ ምትሕብባርኩም እንግዶትኩምን ከይተውሕዱ ሓደራ ይብል። ታሪኽ ኤርትራውያን እምብኣር ከም መምህር ተስፉ ዘውደ ዝኣመሰለ ሓርበኛ ተራኽን ጻሓፍን መሃርን እንዳተሳእንዩምበር፡ ምቅንጃው ኣይድልዮ ምኩሕሓል፤ ሓደ ካብ ተኣምራታዊ ታሪኽ ናይዚ ዘመንዚዩ፡ፈታውን ጸላእን ብዝምስክሮ።ገና ካልእ ጉድውን ይወጽእዩ ዘሎ ጌናውን ክወጽእ ኽቃላዕ፡ ከም ዝኾነ ሓቢእካ ሓባቢእካ ብዙሕ ክትከይድ ከምዘይትኽእል ታሪኽ ህዝቢ ዓለም ምስክርዩሞ ተስፉ ጥራይ ዘይምቑራጽ፤ኩሉ ንምርኣይ ግና ምቕናይ ምቕናይ!!